UEJ UDC ENSF-HIDRI

# ሓድነታዊ መግለጺ ናይ ሰለስተ ኣሓት ውድባት

ሃገርና ኤርትራ ኣብ ከቢድ ኩሉ መዳያዊ ጸገም ኣትያ ከም ዘላ ዓለም ምሉእ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ዝኾነ ይኹን መባእታዊ ቀረብ ክረክብ ዘይተዓደለ፣ ፖለቲካ ንውሑዳት ኣካላት ጥራት ዝምልከት ኰይኑ ንኻልኦት ኤርትራውያን ገበን ዝኾነሉ፣ መሰረታዊ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቱ ዘይተኸብረሉ፣ ብዘይሕግን ፍርድን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝዳጐነሉ፡ ብሕጽር ዝበለ ፍርሒ፡ ጥመት፡ ድንቁርና ወዘተ ዓብሊሎም ንህዝብና ከሳቕዩ ይርኣዩ ኣለዉ። ንሱ ከይኣክል እዚ ቋንቋ ውግእ ወረ ውግእ እምበር ቋንቋ ዲፕሎማሲ ዘይፈልጥ ጉጅለ ህግደፍ፡ ነጸብራቕ ውሽጣዊ ፖሊስኡ፣ ወግሐ ጸብሐ ነጋሪት ናይ ውግእ ኣዋጅ እንዳሃረመ ምስ ኩለን ዝዳወባና ሃገራት ውግእ ከፊቱ፣ ንህዝብና ኣብ ዘይረብሓሉ ውግኣት ክኣቱ ክስዋእን ክስንክል ክስደድን ክበታተንን ይርእ ኣሎ።

ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ መዓትን መከራን ሃገርና ከኣ መራሕቲ ጃንዳ ህግደፍ ምዃኖም ይፍለጥ። ጉጅለ ህግደፍ ብሕጊ ዘይኲነስ ብዊንታ ሓደ ሰብ ዝውሰን በብግዜኡ ዝወጽእ ኣዋጃት እዩ ንኤርትራ ዝመራሕ ዘሎ። ጉጅለ ህግደፍ ከይተኣለየ ዝኾነ ይኩን ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላት ኣብ ኤርትራ ክኽበር፡ ቁጠባዊ ዕብየት ክዓቢ፡ ማሕበራዊ ጠለባት ህዝብና ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ። ብምዃኑ እቲ እንኮ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ጉጅለ ህግደፍ ስለ ዝኾነ ኩሉ ዓቕምናን ሓይልናን ኣንጻር ህግደፍ ዝጠመተ ክኸውን ይግባእ ዝብል እምነት ኣለና። ህዝብና ተደጋጋሚ ክጽውዖ ዝጸንሐ ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን ብምኻኑ፡ እቲ ብተናጸል ክነካይዶ ዝጸናሕና ቃልሲ ጽምኣት ሓርነት ሓፋሽ ህዝብና ዘርዊ ኮይኑ ብዘይምርካቡ፡ እነሆ ኣብዚ ዘለናዮ ፈታኒ መድረኽ ህሉው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ዝምልስ ሓድነት ሰለስተ ውድባት ፈጺምና ንርከብ። ኣስማት ዝሰመራ ሰለስተ (3) ኣሓት ውድባት፡-

1. ውድባ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ
2. ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
3. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ

ካብ ዕለት 28 ለካቲት 2021 ጀሚረን ሰሚረን ሓደ ውድብ ከም ዝኾና ንመላእ ህዝብና ከነበስር ከለና ሓጎስ ይስመዓና። ህዝብና'ውን ነዚ ተበጺሑ ዘሎ ሓድነት ከም ዘሕጉሶ ንርዳእ። ስም ናይ'ዚ ዝሰመረ ውድብና ከኣ **ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን** ይበሃል። ናብ'ዚ ዕዉት ስምረት'ዚ ንኽንበጽሕ ዝሓገዙ ረቛሒታት ክንጠቅስ ኣገዳስነት ዘለዎ ይመስለና። ብመጀመርያ ነቲ ናይ ክድዓት መግለጺ ኢሳያይስ "ኣይከሰርናን"፡ "ሓደ ህዝቢ ኣይኰነን ዝብል ነቲ ሓቂ ዘይፈልጥ'ዩ" ብምባሉ ሓያል ናይ ህዝብና ተቓውሞ ብሓደ ወገን፣ ብካልእ ወገን ድማ ናይ "ይኣክል" ምንቅስቓስ ከም ናይ ህዝቢ ጠለብ ኣዕሚቕና ክንሓስብ ከም ዘለናን ዝሓገዘናን ምኺኑ ክንጠቅስ ንደሊ። ቀጺሉ ኣብ ሚነሶታ ዝርከብ ናይ "ተምፖ ኣፍሪቕ" ትካል ንኹሎም ተቓውሞ ዓዲሙ ናይ ዘተ መኣዲ ምፍጣሩን ስልጡን ናይ ዘተ ምክያዱን ተራ ከም ዘለዎ ነመልክት። ስዒቡ ንቕሎ ኣዴታት ዝብል ምንቅስቓስ ዓቢ ተርእ ከም ዘበርከተ ይፍለጥ። እዞም ዝተጠቕሱ ማዕረማዕረ እንዳሰርሑ ከለዉ ዋዕላ ሎንዶን ብምድላው ዝተገበረ መጸዋዕታን ምትብባዕን ኣገዳሲ ረቛሒ ነይሩ። እኩብ ድምር ናይ'ዞም ኩሎም ምንቅስቓሳት እቶም መራሕቲ ሰለስቲኦን ውድባት ተራኺቦም ናይ ዘተ ሸማግለታት ብምቛም ካብ ወርሒ ነሓሰ 2020 ዘተ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ እነሆ ሎሚ ኣብ መደምደምታ በጺሑ ናይ ሓድነት ብስራቱ ይእውጅ ኣሎ። እቶም ነዚ ክዉን ንምግባር ዘበርከቱ ኣካልትና ምስጋናና ነቕርብ። ምስ'ዚ ኣተሓሒዝና ነቕርቦም መጸዋዕታታት ከኣ ኣለዉና፡-

- ዝኸበርኩም ኣባላት ውድባትና ነዚ እንገብሮ ዘለና ተበግሶ ኣብ መዓርፎኡ ንኽበጽሕ ብዝገበርኩሞ ኣበርክቶ ምስጋና ይብጻሕኩም። ብዓቢ ሞራል ክሳብ ዓወት ክትከናኸንዎ ከኣ ንላቦ፣
- ዝሰመረ ውድብና፡ ኩሉ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስልጣን ዝገበተ፡ ህዝብን ሃገርን ዘብርስ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍን ኣተሓስሰብኡን ንምእላይ ዘለና ዕቑር ሓይሊ ኣብ ነወሃህደሉን ነበራብረሉን ዘለናሉ እዋን፣ ኩሉ መዳያዊ ዘይተቈጠበ ደገፍ ህዝብን ሲቪላዊ ማህበራት ኤርትራ ከይፍለየና ነማሕጽን፣
- መሓዙት ውድባትና ብሸነኾም ነዚ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ ብምድጋፍ ክጽንበርዎን ተመሳሳሊ ስጉምትታት ክወስዱን ነተባብዕ።

ህግደፍ ዝፍለጠሉ ቀንዲ ሕላገት ውግእን ዕንወትን ጥራይ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብና ብሓፈሻ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ጽምኢ ደም ኢሳያይስ ንምርዋይ ኣብ ዘይምልከቶም ውሽጣዊ ኩናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ ኣትዮም ክቕዘፉ ንርኢ ኣለና። ነዝን ካልእን ኣመልኪቱ ዝሰመረ ውድብና ነዚ ዘለናዮ ተረኽቦታት ኣብ ትግራይን ካልእ ኣብ ግምት ብምውሳድ ዘቕርቦም ለበዋታትን ምሕጽንተታትን እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ነዚ ብጉጅለ ህግደፍ ተወሲዱ ዘሎ ምእታው ሰራዊት ኣብ ኢትዮጵያን ዘስዕቦ ዘሎ ሰባውን ንዋታውን ዕንወት ኣጥቢቖ ይኹንን፣
- ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰራዊት ኢትዮጵያ ልዑላውነት ሃገርና ዝደፍር ስለ ዝኾነ ብቕልጡፍ ካብ ሃገርና ክውጽእ ንጽውዕ፣
- ሰራዊት ኤርትራ ድማ ብቕጽበት ካብ ቦታ ውግእ ትግራይ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ይጽውዕ፣
- ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ ኩሉ እንተናዊ መቕዘፍቲ ኣጥቢቑ ይኹንን። ሕብረተ-ሰብ ዓለም ከኣ ነዚ ኣመልኪቱ ትኹረት ክገብረሉ ንምሕጸን፣
- ኣህጉራዊ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ኤርትራ በኹሩ ዘሎ ፍትሕን፣ ክብሪ ሰብኣዊ መሰላት ቆላሕታ ክገብርሉ ንጽውዕ፣
- ሃገራውያን ይኹኑ ኣህጉርውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ንዘይፍትሓዊ ማእሰርቲ ዝያዳ ድምጺ ከኻዕብቱ ነተባብዕ፣

| ኣፈወርቂ ኪዳነ | ተስፋሚካኤል ዮሃንስ | ዑቕባዝጊ ድቡስ |
|---|---|---|
| ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ (ውሓድፍ) | ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ውሓዲለ) | ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) |

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንኩሎም ስውኣትና
ዓወት ንተቓላሳይ ህዝብና
ኤርትራ ብነጻነታን ክብራን ንዘለኣለም ትንበር!!!

28 ለካቲት 2021